*1 ሚያዝያ 2000 ዓ.ም*

ንማሕበር ኣልሙናይ ኣግኣዚ
ንማሕበር ኣልሙናይ ሃፀይ ዮሃንስ
ንማሕበር ኣልሙናይ ቤትትምህርቲ ኣውላዕሎ
ንማሕበር ኣልሙናይ ኣክሱም
ንማሕበር ኣልሙናይ ንግስተ ሳባ
ንማሕበር ልምዓት ራእሲ ኣሉላ
ንማሕበር ኣልሙናይ ራያ
ንማሕበር ልምዓት ሽረ
ንማሕበር ኮሚኒቲ ትግራይ
ንማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ንዓለምለኽ ሕብረት ተጋሩ ንፍትሕን ንዴሞክራስን
ኣብዘለኹምዎ

ኣብታሪኽና ፍሉይ ተኽሳሒ ስፍራ ካብዝሓዙ ግፍዓዊ ተግባራት ሓደ ዝኾነ ደብዳብ ነፈርቲ ዓይደር ካብሕልና ውሉድ ወለዶ ዘይወፅእ በሰላ ምኻኑ ኩልና እንረዳድኣሉ ሓቂ እዩ። ብምኻኑ እውን እዩ፣ ኣብውሽጥና እናጓሃረ እህ እናበልና እንዝክሮ ዘለና። ሽምዓ እናወላዕና ፀሎት እናብፃሕና ከምኡ እውን እናነባዕና ንሰማእታት ዓይደርን ንቱ ጥቕዓትን እናዘከርና ዓሰርተ ዓመት ቆፂርና ኣለና። ኮይኑ ግና ሽምዓ ብምውላዕን ብዝክረ ፀሎትን ተወሲና፣ ዝበፅሓና ግፍዕን መስዋእትነት ህፃውንቲ ደቅናን እናዘከርና ክነስቆንቁንን ክንቁዝምን ጥራሕ ድዩ ግቡእና ... ወይስ ከምመጠን ተገደስቲ ዜጋታት፣ ዓቕምና ኣዋዲድና ንሰማእታት መዘከሪ ንህልዋት መምህሪ ዝኸውን ቀዋሚ መዘከርታን ኣገልግሎት ክህብ ዝኽእልን ቅርሲ ክንተኽለሉም ይግባእ?

ንዚ ሓባራዉን ህዝባዉን ቅኑዕ ጉዳይ ምላሽ ንምሃብ ብዝተገበረ ምንቅስቓስ፣ ኣብወፃኢ ዘሎ ዓቕምና ኣዋዲድና ዘመናዊ ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደርን ኣብውሽጡ'ውን መዘከርታ ሓውልቲ'ቶም ሰማእታትን ኣካለጉዱኣትን ጨፍጫፍ ዓይደር ንምህናፅ፣ ንቲ ግፍዒ ዝወረዶ ህዝብና ቃል ኣቲና ሎሚ ኣብመበል 10ይ ዓመት ግፍዒ ዓይደር ዝተዋደደ ወፍሪ ጀሚርና ኣለና።

ስለዚይ፣ ኩልና ሰለባ እዚ ግፍዒ ዝኾና ኢትዮጵያውያንን ፈተውቲ ኢትዮጵያን፣ ብፍላይ ድማ ቀዳሞት ተጠቃዕቲ እዚ ግፍዒ ዝኾና ተጋሩ፣ ዝኽኣልናዮ ኣወፊና ንወለዶ መምህርን መዘከርን ዝኸውን ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደርን ሓውልትን ንምህናፅ ንክንተሓባበር መፀዋዕታና ነቕርብ። ብመሰረት እዚ'ውን ማእኸሉ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲ ገይሩ ንቀዳም ዕለት 3 May 2008 ኣብዝተዳለወ ወጋሕ ትበል ለይቲ ፕሮግራም ምትእኽኻብ ገንዘብ ሰሜን ኣሜሪካ፣ ኩልና በብዓቕምና ግደና ንኽነወፊ ብኽብሪ ንዕድም።

ምስዝኽበረ ሰላምታ!

ኮሚቴ ኘሮጀክት ቤተመፃሕፍቲ ዝክረ ዓይደር
Email: Amel@Zkreayder.org
Website: Zkreayder.org
SunTrust Bank Account
Account Number: 1000061543723
Routing/Transit/ABA Number: 061000104
P.O.Box 41286, Arlington, VA 22204

ንተወሳኺ ሓበሬታ፣ ኣማረ ሉቃስ 202-232-9130
ካሳ ሃይለማርያም 571-344-1335